ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

ኣራሚት ሽማግለ

حزب النهضة الإرتري

اللجنة التصحيحية

**Eritrean Nahda Party-Correction Committee**

# ጨንፈር ጅዳ ዕዉት መብርሂ ኣኼባ ኣካይዱ

መቀጸልታ ናይቲ ብተኸታታሊ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከባ ጨናፍር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ መብርሂ ብዛዕባ ውጺኢት ናህዳዊ ጀበርታዊ ዋዕላ፡ ወከልቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባትን፡ ቤርጌሳውያን ማሕበራትን ዝርከብዎም፡ ጨንፈር ጅዳ ትማሊ ጅምዓት 20-01-2017 ድሕሪ ቀትሪ፡ ዕዉት ናይ መብርሂ ኣኼባ ኣካይዱ






ኣኼባ ከምቲ ልሙድ ብቁርኣን ድሕሪ ምኽፋቱ፤ ሓላፊ ጨንፈር ጅዳ፡ ንመስዋእቲ ዶክተር ሃብተን ኣቦና ሓሰን ከክያን ኣመልኪቱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ክልተ ጀጋኑ ሓርበኛታት ከም ዝኸሰረን፡ እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ድማ፡ ብሰንኪ ግጉይ ፓሊስ ስርዓት ህግደፍ ኣብታ ንመዋእል ዝተቃለሱላ ሃገር፡ ስነ ስርዓት ቀብሮም ይኹን ግቡእ ሓዘን ክግበረሎም ዘይምኻኣሉን እዩ ድሕሪ ምባል ፡ ጻውዒት ኣኽቢሮም ንዝመጹ ንተሳተፍቲ ብጣዕሚ ኣመስጊኑ።

ብምቅጻል፡ ኣቦ-ወንበር ፋጻሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ሓው ኣቡ ረያን፡ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ናይቲ መሪር ሓዘን ተኻፋሊ ሙኻኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ንተሳተፍቲ

ደጊሙ ኣመስጊኑ። ኣስዒቡ፡ መሰረታት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ ነቲ ብሰንኪ ገለ ጉጅለታት ዝተበገሰ ንዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ዝቀጸለ ቅልውላው ሰጊሩ፡ እነሆ ሎሚ ብዛዕብኡ መብርሂ ክንህብ በቒዕና ድሕሪ ክብል ሓጎሱ ገሊጹ። እቲ ጸገም ብእዋኑ ክእለ እኳ እንተነበሮ፡ እቲ ኻልኣይ ወገን ንኹሉ ናይ ዕርቂ ፈተነ ጸማም እዝኒ'ዩ ክህቦ ከም ዝጸነሐን ገና'ውን ይቕጽል ከም ዘሎን ድሕሪ ምግላጹ፡ ብወገን ኣራሚት ሽማግለ፡ ነቲ በብእዋኑ ካብ ዝተፈላለየ ኣሕዋትን ፈተውትን ዝቀርብ ዝነበረ ናይ ዕርቂ ፈተነ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ከም ተቀበልናዮ ንኸሉ ክበርህ ዝግበኦን ባዕላቶም እቶም መንጎኛታት ክምስክርዎ ዝኽእሉ ሓቂ እዩ ኢሉ። እቲ ኣብ ዝሓለፈ ታሕሳስ 2016 ዝተኻየደ ዕዉት ዋዕላ፡ ጻውዒት መሰረታት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ መዕለቢ ዝተገብረሉን፡ ቀጻልነት ሰልፍና ዘውሓስናሉን ታሪኻዊ ፍጻሜ ከም ዝነበረ፡ ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ኣተሓሒዙ፡ እቲ ንግዚያዊት መሪሕነት ተዋሂብዎ ዘሎ ሓላፍነት ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ፡ ንመዕዋቱ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣባልን ተቓወምቲ ውድባትን ፈተውትናን ምትሕብባር ከም ዘድሊ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ውድብ ዲሞክራሲያዊ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ ሓው ነስረዲን ኣሕመድ ዓሊ፡ ብወገኑ ነቲ ብኻልእ መልክዕ ዝሰምዖ ዝነበርኩ ወረ፡ ንውድበይ ወኪለ ናይ ዓይኒ ምስክር ክኸውን ዘብቃዓኒ ሓበን ይሳማዓኒ ኢሉ። ሓው ነስረዲን እቲ ዝተሳተፎ ዋዕላ ከምቲ ብወረ ዝሰምዖ ዝነበረ ዘይኮነስ፡ ኣባላትን መሪሕነት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ብግሉጽነት ዝተሓሳሰቡሉን ዝተዛተይሉን ዓቢ ፍጻሜ ከም ዝነበረን፡ እዚ ኣዝዩ ምዕቡል ዝኾነ ኣሰራርሓ ድማ ኣብነት ክኸውን ዝግበኦን፡ ነቲ ብዓይነይ ዝራእኽዎ ከቃልሖ ዓቢ ሓላፍነት ከም ዘለዎን ኣዘኻኺሩ። ንዝምድና ናይ ክልቲኡ ሕብረተሰብ ዓፋርን ጀበርትን ኣመልኪቱ፡ ኣዝዩ ዓሚቕ ሱር ዝሰደደ ዝምድና ከም ዝኾነ ኣረጋጊጹ።

ብድሕሪ'ዚ ወኪል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጥን ወከልቲ ተቓወምቲ ውድባትን ቤርጌስያውያን ማሕበራትን፡ ንውድቦምን ማሕበሮምን ወኪሎም ናይ ድገፍን ምኽርን መደረ ኣስሚዖም። ኣቦ-ወንበር ጊዜያዊት መሪሕነት ሰልፊ ሓው ኣቡ ያስር፡ ብወገኑ ንኣኸበኛታት ናይ ድምጺ መልእኽቲ ኣማሓላሊፉ።

ኣብ መጨረሽታ፡ ደምዳሚ ኣዋጅ ናህዳዊ ጀበርታዊ ዋዕላ ብኽልቲኡ ቋንቋ ንኣኸበኛታት ተዓዲሉ።

**ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ**

**ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና**

**ክፍሊ ዜና -ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**20-01-2017**